# ዘመነ ኣስተምሕሮ
## ሰንበት ዘቅድስት ኅዳር 26፡ 2006
## ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽ ኢዩ

ንባባት፡ ቆላ 1፡ 12 - 29፤ 1 ጴጥ 1፡ 13 - 20፤ ዮሓ 5፡ 16 - 27

ቀዳማይን ሣልሳይን ንባብ *"መን ኢዩ ክርስቶስ?"* ንዚብል ሕቶ መልሲ ዚህብ ኢዩ። ክርስቶስ

> *"ናይቲ ዘይርአ ኣምላኽ ምስሊ - ልዕሊ ኵሉ ፍጥረት ዝኾነ በኹራ-ወዱ ንእግዚኣብሔር - ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኣብ ሃዋህውን ዘሎ ኵሉ እግዚኣብሔር ብወዱ ገይሩ ፈጢሩዎ። ኢየሱስ ናይታ ሰብነቱ ዝኾነት ቤተክርስትያን ርእሲ ኢዩ። ናይ ኵሉ ፍጥረት ቀዳማይ ምእንቲ ኪኸውን፡ ንሱ መጀመርታ ኢዩ፡ ካብ ሞት እውን በኹሪ ኰይኑ ዝተንሥአ ኢዩ። ኣምላኽ ብመለኮቱ ብምልኣት ኣብኡ ኪሓድር ፈተወ። ኣምላኽ፡ በቲ ወዱ ኣብ መስቀሉ ዘፍሰሶ ደም ገይሩ ሰላም ገበረ። ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ሰማያት ዘሎን ዘበለ ኹሉ ከኣ ምስ ገዛእ ርእሱ ሰላም ገበረ።" ኣብ ምድርን ኣብ ሰማይን ዘሎን ኹሉ ምስ ገዛእ ርእሱ ዓረቖ።"*

ክርስትያን፡ ማለት ሰዓብቲ ክርስቶስ ኢና እንብል ሰባት፡ ብዙኅ ጊዜ መንነት መራሒና ስለዘይንፈልጥ፡ መንነትና እውን ኣይንፈልጥን እሞ፡ መሰልናን ግቡእናን እውን ኣይንፈልጥን።

እምበኣር ሎሚ እንበሃል ዘሎና፡ ኢየሱስ ምስሊ ማለት መልክዕ ኣቦኡ ዝኾነ ኢዩ። ወዲ ሰብ፡ ኣዳም እውን ኪፍጠር እንከሎ ብመልክዕን ምስልን ኣምላኽ ተፈጥረ ይብለና ቅዱስ መጽሓፍ። እንተኾነ ንሰብ መልክዕ ኣምላኽ ብጸጋ፡ ማለት ብፍቶት ተዋሂቡዎ ኢዩ ደኣ እምበር ብመሰል ዝረኸቦ ኣይኮነን። ኢየሱስ ምስ አቦኡ ኰይኑ ፈጢሩ ደኣ እምበር ኣይተፈጥረን። ንውላድ ምስሊ ኣቦኡ ዚገብሮ ናይ ገጹ መልክዕ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ጠባዩ፡ ብልሓት፡ ጥበብ ኣቦኡ እንተደኣ ወሲዱ ኢዩ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ እምበኣር ንኢየሱስ "ናይቲ ዘይረአ ኣቦኡ ምስሊ" ኢሉ ንኢየሱስ ኪጽውዖ እንከሎ፡ ብባህሪኡ፡ ብተግባራቱ፡ ብሥልጣኑ ኪብል ምስደለየ ኢዩ።

ምናልባት ምርዳእ ከይንስእን ኢሉ ድማ፡ ደራሳይ "ኣምላኽ ብመለኮቱ ብምልኣት ኣብኡ ኪሓድር ፈተወ" ኢሉ ይውስኻሉ። ኣምላኽ ኵሉ ዚኽእል፡ ኵሉ ዚፈልጥ፡ ቅድም ወይ ደሓር ዘይብሉ ኢዩ።ኢየሱስ ንኣምላኽ ብምልኣቱ ንኬሕድሮ፡ ከንዲ ኣምላኽ ዚፈልጦ ኪፈልጥ፡ ከንዲ ኣምላኽ ዚገብሮ ዚገብር፡ ብሓጺሩ ከንዲ ኣምላኽ ኪኸውን፡ ግድን ኢዩ።

ሎሚ ዝተነበ ወንጌል እውን ከምዝገለጸልና፡ ኣይሁድ ንኢየሱስ ዚዕንቀፉሉ ዝነበሩ፡ ንሱ ንእግዚኣብሔር "ኣቦ" ኢሉ ኪጽውዖ እንከሎ ምስ ኣምላኽ ይመዓራረ ከምዝነበረ ስለዝተረድኦም ኢዩ። ብጌጋ ተረዲኡዎም እንተዝኸውን ኢየሱስ ምኣረሞም ነይሩ፡ እንተኾነ ኣይገበሮን። እኳ ደኣ ካልእ መዓልቲ ንሓዋርያ ፊሊጶስ፡ "ንኣቦ እንዶ ሓንሳእ ኣርእየና ደኣ እንበር ካልእ ንሓቶ የብልናን" ምስ በሎ፡ ኢየሱስ፡ "ፊሊጶስ ከመይ ገርካ ከምዚ ትብል፡ ንዓይ ዝረኣየ ነቦ ርእዩ ኢዩ። ኣነን ኣቦን ሓደ ከምዝኾና ክሳዕ ሎሚ ኣይተረደኣካን ዲዩ?" ኢሉ ከምዝገንሖ ወንጌል ይነግረና። ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ኢየሱስ ኣቦ ዝገብሮ ኵሉ ንሱ እውን ኪገብሮ ሥልጣን ከምዘለዎ የረጋግጸና፡ "ነቲ ኣቦ ዝገብሮ ኵሉ ወልድ እውን ይገብሮ።" ንኣብነት፡ "ኣቦ ንሙታን ከምዝተንሥኦም ሕያዋን እውን ከምዚገብሮም፡ ከምኡ ወልድ ነቶም ዚደልዮም ሕያዋን ኪገብሮም ኢዩ። ... እዚ ከኣ ከምቲ ነቦ ዜኽብሮ ገይሩ ኵሉ ሰብ ንወልድ ምእንቲ ኬኽብሮ ኢዩ። እቲ ንወልድ ዘየኽብር ነቲ ዝለኣኾ ኣቦ እውን ኣየኽብሮን ኢዩ። ... ከምቲ ኣቦ ናይ ባዕሉ ሕይወት ዘለዎ፡ ከምኡ ወልድ እውን ናይ ባዕሉ ሕይወት ኪህልዎ ሃቦ።" እቲ *"ሕይወት ኪህልዎ ሃቦ"* ዚብሎ ዘሎ ድማ ትሕት ዝበለ ደረጃ ሕይወት ምለት ዘይኮነስ ውሉድ ሕይወት ካብ ወላዲኡ ከምዚረክብ ኢየሱስ ከኣ "ወልደ-ኣምላኽ" ስለዝኾነ ሕይወት ካብ ኣቦኡ ኢዩ ዝረኸቦ።

በዚ ምኽንያት ጸሎት ሃይማኖት ክንደግም እንከሎና፡

> *"ዓለም ከይተፈጥረ ምስኡ ህልው ብዝኾነ ብሓደ ወዱ ንአብ፡ ብጐይታ ብኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን፡ ንሱ ብርሃን ካብ ብርሃን፡ እውነተይና ኣምላኽ ካብ እውነተይና ኣምላኽ፡ ዝተወልደ እምበር ዘይተገብረ፡ ብመለኮቱ ምስ ኣብ ትኽክል ዝኾነ፡ ብዘይ ብኣኡ ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ ሓደ ነገር እኳ ዝኾነ የልቦን።"*

እምበኣር ናይ ኣቦ ባህሪ እውን ኣለዎ ማለት ኢዩ። ኣቦ ከኣ *"ብዑለ ጸጋ ወብዙሐ ምሕረት"* ካብ ኮነ ወዱ ድማ ከምኡ "ዘልማዱ ኂሩት" ኢልና ክንጽውዖ ንኽእል ማለት ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ንሱ ፈጣሪ መልክዕ ፍጡር ለበሰ፡ ኣብ ሞንጎና ተመላለሰ፡ ኵነታትን ሕይወት ፍጡራቱ ባዕሉ ኣኀለፈ፡ ንሱ ኪሓምም ዘይኽእል ምእንታና ሓመመ። ደሙ ኣፍሲሱ ነቲ ተበዲሉ ዝነበረ እግዚኣብሔር ባዕሉ ተዓረቐልና። ዝሓለፈ ሰንበት ከምዘንበብናዮ፡ ከምቲ ብሰንኪ ሓደ ሰብ ኣብ ዓለም ሞት ዝኣተወ፡ ብተኣዝዞ ሓደ ሰብ ድማ ኣብ ዓለም ዕርቂ ተረኽበ። እዚ *ሓደ ሰብ* እምበኣር ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ። ናብ ዕብራውያን ኣብ ዝተላእከት መልእኽቲ (4፡ 14- 16) ከምዚ ዚብል ጥቕሲ ነንብብ፡

> *"ንሰማያት ዝዓረገ ዓቢይ ሊቀ ካህናት፡ ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ዚህልወናሲ ኣብ እምነትና ንጸናናዕ። ከመይ ከምዚ ኽማና ብኹሉ ተፈተነ፤ ግናኸ ሓጢኣት ኣይገበረን፡ ስለዚ*

*ብድኻምና ኪድንግጸልና ዘይኽእል ሊቀ ካህናት ኣይኮነን። እምበኣር ምሕረት ምእንቲ ክንቅበል፡ ብጊዜ ጸበባ'ውን ንረዲኤትና ዚኸውን ጸጋ ክንረክብ ብትብዓት ናብቲ ጸጋ እንረኽበሉ ጽፉን ኣምላኽ ንቕረብ።"*

እዚ ማለት ድማ፡ ከምቲ እግዚኣብሔር ኣቦ መለኮቱ ሕይወቱ ኬማቕለና፡ ምስ ተበኣስናዮ ድማ፡ መለኮቱ ንኬድኅነና ዚጥቀመሉ፡ ከምኡ'ውን ወልደ እግዚኣብሔር "ንገዛእ ርእሱ ሓንሳእ ንሓዋሩ መሥዋዕቲ ገይሩ ኣቕረበ።" (ዕብ 7፡ 27 ርኤ)

ቤተክርስትያን ሎሚ ንግሆ፡

*ሎቱ ስብሓት ወሎቱ ኣኰቴት፡ ለዘቀደሳ ለሰንበት ኣልቦ ኣመ ኢሀሎ ወልቦ ኣመ ኢሃሉ ክርስቶስ ወልደ እግዚኣብሔር፡ ዘገብረ ለሰብእ በኣርኢያ ዚኣሁ፡ ኰሉ ውስተ እዴሁ ውእቱ ይኴንን ሰማያተ ወምድረ ገብረ በከመ ፈቀደ፡ ኣምላክ ወልደ እግዚኣብሔር።*

*ክብርን ምስጋናን ይኹኖ፡ እቲ ንሰንበት ዝቀደሰ ዘይነበረሉ ጊዜ የልቦን፡ ንሰብ ብኣርኣያኡ ዝገበረ ኵሉ ኣብ ኢዱ ዝኾነ ንሰማይን ምድርን ዚፈርድ፡ ወልደ እግዚኣብሔር ክርስቶስ ዘይነበረሉ ጊዜ የልቦን እሞ፡ ንሱ ኣምላኽ ወልደ እግዚኣብሔር ኢዩ።*

*ለክርስቶስ ይደሉ ስብሓት፡ ለዘኣብጽሐነ እስከ ዛቲ ሰዓት፡ እግዚእ ለሰንበት፡ ዘልማዱ ኂሩት፡ ሎቱ ስብሐት ለዘቀደሳ ለሰንበት።*

*ክሳብ እዛ ሰዓት ንዘብጽሓና ክርስቶስ፡ ጐይታ ሰንበት፡ ሕያውነት ዝልማዱ፡ ሰንበት ዝቐደሰ፡ ክብሪ ይኹኖ*

ኢላ ጸለየት።

ኣብቲ ካልኣይ ንባብ ጴጥሮስ፡ *"ተስፋኹም ኣብቲ ኢየሱስ ምስ ተገልጸ እትረኽብዎ ጸጋ ይኹን።" "ኣነ ቅዱስ ኢየ እሞ፡ ቅዱሳን ኩኑ!" ከምቲ እቲ ዝጸዋዓኩም ቅዱስ ዝኾነ፡ ንስኻትኩም'ውን ቅዱሳን ኩኑ!" ብኽቡር ደም ክርስቶስ ኢኹም ተዓዲኩም እምበር ብጠፋኢ ነገር፡ ብብሩር ወይ ብወርቂ ከምዘይኮነ ትፈልጡ ኢኹም።"* ኪብለና እንከሎ ድማ ንሕና እውን ክቡራት ምዃና ይነግረና እሞ፡ ኣብዛ ካልኣይቲ ሰሙን ኣስተምሕሮ ቅድስና ኣምላኽን እቲ ክቡር ዋጋ ድሕነትናን እናሓሰብና ክንቅኒ። ቅዱስ ጳውሎስ ንሰብ ቆሮንጦስ ኪጽሕፈሎም እንከሎ፡ "ንቅድስና ኢኹም ተጸዊዕኩም" እናበለ ሓላፍነቶምን ክብረቶም የረድኦም። መልክዕ ኣምላኽ ኣባና ዜንጸባርቕ ቅድስናኡ ኣባና እንተሓደረ ኢዩ። ስለዚስ ኣብዚ ካልኣይ ሰሙን ዘመነ ኣስተምሕሮ፡ ዝኸሪ ሓጢኣትና ከይጸቐጠና እውን ሰብ ተስፋ ኰይና ክንቅኒ።